ጥብቆ ንምሉእ ሓበሬታ ድሕሪ ምርካብ እትህቦ ፍቓድ ስምምዕ፡

«ቁጠባዊ ደገፍ ዕላምኡ እንታይ ከምዝኾነ ተሓቢሩኒ ኣሎ»

ከቢድ ስንክልና ዘለዎም ሰባት ኣብ ሓደ ኮሙን ብዝቐልጠፈ ንኽጣየሱ፡ እቲ ኮሙን ንቤት-ጽሕፈት IMDi (ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ምውህሃድ ሕብረተሰብን ብዙሕውነትን)፡ ድሕሪ ኣብቲ ኮሙን ምስፋርካ ኣብ ዘለዋ ቀዳሞት 5 ዓመታት ንገለ ክፋል ናይቲ ተወሳኺ ወጻኢታት ክሸፈነሎም ከመልክቱ ይኽእሉ እዮም። እዚ ገንዘብ ዝወሰድዎ ኣብ ዝተወሰነ መዓላ ዝውዕል እዩ፡ እዚ ማለት እቲ ገንዘብ ብቐጥታ ንዓኻ ኣብ ምሕጋዝ እዩ ክውዕል።

እቲ ኮሙን መመልከቲ ክሰድድ ከሎ፡ ቅድሚ ኣብቲ ኮሙን ምስፋርካ ከቢድ ስንክልና ከምዝነበረካ ዘረጋግጽ ሰነድ ካብ ትካል ጥዕና ክሰድድ ኣለዎ። እቲ መረጋገጺ ሰነድ፡ ኣብ መዓልታዊ ሂወትካ ዘድልዩኻ ሓገዛት ኣየኖት ምዃኖም ዝገልጽ ኮይኑ፡ እቲ ኮሙን ብገንዘብ ክሸፈነሉ ዘመልክቶ ዘሎ መደባት ዝገልጽ ክኸውን ኣሎዎ።

ብዛዕባኻን ጥዕናኻን ዝምልከት ሓበሬታ ክሳብ እቲ ናይ 5 ዓመት ናይ መመልከቲ ግዜ ዝውዳእ ተዓቂቡ ክጸንሕ እዩ። ድሕሪ' ዚ ክድመሰስ እዩ። እዚ ሓበሬታ ኣብ ውሑስ ዝኾነ ስርዓተ-መዝገብ ስለዝዕቀብ ካብ ቤት-ጽሕፈት IMDi ወጻኢ ክርእዮ ዝኽእል ዝኾነ ሰብ የለን።

ቤት-ጽሕፈት IMDi ነቲ ዝቐረበ መመልከቲ እንተደኣ ነጺጉዎ፡ እቲ መመልከቲ ኣይክርኣይን እዩ።ሽዑ እቲ ኮሙን ጥርዓን ናብ ቤት-ጽሕፈት IMDi ክሰድድ ይኽእል፡ IMDi ድማ ብምሉኡ ነቲ ጉዳይ ናብ ሚኒስትሪ ዕዮን ሓቑፍነትን (Arbeid og inkluderingsdepartementet) ይሰዶ።

IMDi
Integrerings- og mangfoldsdirektoratet

# ምሉእ ሓበሬታ ድሕሪ ምርካብ እትህቦ ፍቓድ ስምምዕ

ከቢድ ስንክልና፡ ናይ ባህሪ ወይ መስተ/ዕጹ-ፋርስ ጸገም ዘለዎም ስደተኛታት፡ ኣብ ኮሙነ ንክሰፍሩ ተወሳኺ ቁጠባዊ ደገፋት ንምርካብ ዝቐርብ ምልክታ ተተሓሒዙ ዝቐርብ ሰነድ

ምስጢር ምዕቃብ ግዴታ ዝተተሓዘ ናይ ጥዕና ሓበሬታ ብዛዕባ [navn på de opplysningene gjelder] (ዝምልከቶ ሰብ) ን IMDi (ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ምውህሃድ ሕብረተሰብን ብዙሑነትን) ካብዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ትካላትን ሰራሕተኛታት ጥዕናን ንክወሃብ ፍቓድ ስምምዓይ ይህብ ኣሎኹ። ምኽንያቱ እዚ ን [kommunenavn]ካብ ቤት-ጽሕፈት IMDI ኣብ ዝተወሰነ መዓላ ክውዕል ዘለዎ ቁጠባዊ ደገፍ ክወሃቦም ኣድላዪ ስለዝኾነ። ንውሳኔ ቤት-ጽሕፈት IMDI ጥርዓን እንተደኣ ክስደድ ኮይኑ፡ እቲ ጥርዓን ዝውስን ኣካል'ውን እዚ ሓበሬታ እዚ ክወሃቦ ክኽእል ፍቓድ ስምምዓይ ይህበሉ ኣሎኹ።

| ትካላት/ሰራሕተኛታት ጥዕና | ስም ፈራሚ | ዕለት |
|---|---|---|
| | | |
| | | |
| | | |
| | | |
| | | |

እዚ ቁጠባዊ ደገፍ ዕላምኡ ንከቢድ ስንክልና ወይ ድማ ከቢድ ናይ ባህሪ ጸገማት ዘለዎም ሰባት ዝዓለመ ከምዝኾነ ተሓቢሩኒ ኣሎ። ከምኡ'ውን ነዚ ዕላማ ንምውቃዕ ኣገዳሲ ዝበሃል ሓበሬታ ጥራሕ እዩ ን ቤት-ጽሕፈት IMDIን ጉዳያት ጥርዓን ዝርኢ ኣካልን ክወሃቦ ዝኽእል። ኮሙነ እዚ ሓበሬታ እዚ ብዘይ ፍቓደይ ንቤት-ጽሕፈት IMDi ይኹን ንጥርዓን ዝርኢ ኣካል ክህቡ ከምዘይክእሉን፡ እቲ ዝህቦ ፍቓድ ስምምዕ እውን ኣብ ዝኾነ ግዜ ክስሕቦ ከምዝኽእል ፈሊጠ ኣለኹ። ዋላ ፍቓድ ኣይሃብ፡ ኣነ(ዝምልከቶ ሰብ) ካብ ኮሙነ ዝወሃበኒ መሰላት ኣብ ቦትኡ ከምዘሎ፡ ከምኡ'ውን ፍቓድ ስምምዓይ ዋላ ክስሕቦ እንተደኣ መሪጸ፡ መሰላተይ ከምዘይቕየር ፈሊጠ ኣሎኹ።

እቲ ዝህቦ ፍቓድ ስምምዕ ካብቲ እቲ ኣብ ኮሙነ መጀመርታ ዝተጣየሰክሉ ጀሚሩ ንሓሙሽተ ዓመት ጥራሕ ከገልግል ዝተደረተ እዩ። ኣብዘን ሓሙሽተ ዓመታት ኣብቲ ምልክታ ዘሎ ሓበሬታ ምሕዳስ ምስ ዘድልዮ ከም ብሓድሽ ፍቓድ ስምምዕ ክመጽእ ከድሊ እዩ።

ናተይ ተራ:

- ☐ ኣነ ልዕሊ 16 ዓመት ስለዝኾንኩ ስለዚ ባዕለይ ይፍርም ኣሎኹ።
- ☐ እቲ ዝምልከቶ ሰብ ትሕቲ 16 ዓመት ብምዃኑ ከም ወላዲ እፍርመሉ ኣለኹ።
- ☐ እቲ ዝምልከቶ ሰብ ትሕቲ 16 ዓመት ብምዃኑ፡ ከም ብመንግስቲ ዝተመዘዘ ሞግዚ/ት ኮይነ እፍርመሉ ኣለኹ።
- ☐ እቲ ዝምልከቶ ሰብ ልዕሊ 16 ዓመት እኳ እንተኾነ፡ ባዕሉ ፍቓድ ስምምዕ ክህብ ብቑዕ ስለዘይኮነ ከም ዝቐረበ መቕርቡ እፍርመሉ ኣሎኹ።
- ☐ እቲ ዝምልከቶ ሰብ ኣብ መንጎ 12ን 16ን ዓመት ኮይኑ፡ በቲ ናይ ጥዕና ሓበሬታ ዘሎ ዝተሓሓዝ፡ ክንክን ጥዕና ክወሃቦ ባዕሉ ፍቓድ ስምምዑ ሂቡ ኣሎ። እዚ ኣብ ታሕቲ ፈሪመ ዘለኹ ሰራሕተኛ ጥዕና፡ ምስዚ መንእሰይ ብምዝርራብ ፍቓድ ስምምዕ ክወሃብ ይኽእል እዩ ዝብል ውሳኔ ከምዘሕለፈ የረጋግጽ።

| | |
|---|---|
| ቁጽሪ-DUF ናይቲ ዝምልከቶ ሰብ: | |
| ክታም ዝምልከቶ ሰብ/ነቲ ዝምልከቶ ሰብ ብምውካል ዝፍርም: | |
| ቦታ፡ ዕለት: | |

| | |
|---|---|
| ፍቓድ ስምምዕ ዝተቐበለ ሰብ ስሙን ተራን: | |
| ክታም ናይቲ ፍቓድ ዝተቐበለ ሰብ: | |
| ቦታ፡ ዕለት: | |